# ኣገዳሲ ሓበሬታ ብዛዕባ ቫይረስ ኮረና

ቫይረስ ኮረና ኣብ ምሉእ ቦርሌንገ ኣሎ። ስለ'ዚ ነዚ መልከፍቲ ካብ ምልባዕ ንምቕናስ ኩላትና ግድን ክንተሓጋገዝ ኣለና። እቶም ቀንዲ ተነቀፍቲ ሰባት ዕድሜኦም ልዕሊ 70 ዝኾኑን ገለ ሕማም ዘለዎምን ስለ ዝኾኑ፡ ተጠንቂቕና ክንከላኸለሎም ኣለና። ኩሉ ነባሪ ቦርሌንገ ዝኾነ - ወላ ንስኻ ጉበዝን ምሉእ ጥዕና ዘለካን ካብ መልከፍቲ ዝኾነ ይኹን ፍርሒ ዘይብልካ - ሓልዮት ከተርእዩ ንሓተኩም። ሓቢርና ነዚ መልከፍቲ ከይላባዕ ክንድርቶ ንኽእል ኢና።



### እንተ ሓሚምካ ኣይትውጻእ ኣብ ገዛ ኹን

እንተ ሓሚምካ፡ ወላ ንኡሽተይ ምልክት ሕማም ይሃልኻ፡ ከይወጻኻ ኣብ ገዛ ኹን። ንደቅኻ'ውን ይምልከቶም እዩ።



### ኣብ እንዳ ሽማግለን ሕሙማት ሰባትን ኣይትኺድ(ኣይትብጻሓዮም)

ኣረጋውያንን ገለ ሓዳሪ ሕማም ዘለዎም ሰባትን ተነቀፍቲ(ተኣፈፍቲ) እዮም። ኣብ'ዚ ዘለናዮ እዋን፡ ኬድካ ኣይትብጻሓዮም(ኣይትኺዶም)።

ብኻልእ መንገዲ ግን ክትደሃዮም ትኽእል ኢኻ።



### ካብ ካልኦት ሰባት ፍንትት(ርሕቕ) ክትብል ከም ዘለካ ኣይትረስዕ

ካብ ካልኦት ሰባት እንተ ወሓደ ክልተ ሜትሮ ርሕቕ በል። ምሳኻ ምስ ዘይነብር ሰብ ካብ ምትሑቛቛፍ ተቖጠብ። ኣብ ጂም፡ ኣብ እንዳ ዱኳን፡ ኣብ ኣውቶቡስ ወይ ካልእ ሰብ ዝበጽሖ ቦታታት ክትኸይድ ከለኻ ምፍንታት ክህሉ ከም ዘለዎ ኣይትዘንግዕ።



### ክትስዕል ወይ ክትህንጥስ ከለኻ ኣብ ናይ ቅድሚት ኲርናእ ኢድካ ይኹን።

ብምስዓልን ምህንጣስን ጥራሕ ሰብ ክትለክፍ ትኽእል ኢኻ። ስለ'ዚ ኣብ ቅድሚት ኲርናዕ ኢድካ ብምስዓልን ብምህንጣስን ካልኦት ካብ ምልካፍ ተኸላኸል።



### ኣእዳውካ ደጋጊምካ ብዙሕ ሳዕ ተሓጸቦ

መዓልቲ መዓልቲ ኣእዳውካ ደጋጊምካ ብዙሕ ግዜ ተሓጸቦ - ብፍላይ ብዙሕ ሰብ ኣብ ዘለዎ ቦታታት ገለ ነገር ምስ ትሕዝ ወይ ትትንክፍ። ክትሕጸብ ከለኻ ኩሉ ሳዕ፡ ብሳምናን ብማይን ብዉሕዱ ን20 ካልኢት(ሰከንድ) ክትገብሮ ኣለካ።።



### ካብ ዘየድልዩ መገሻታት ተቖጠብ

ኣብ መላእ ሃገር ዘሎ ብዝሒ መልከፍቲ ይፈላለ'ዩ። መገሻ፡ መልከፍቲ ንኽዝርጋሕ ወይ ነብስኻ ንኽትልከፍ ዘሎ ሓደጋታት ክብ የብሎ። ስለ'ዚ ግድን ምስ ዝኸውን ጥራይ ግሽ።



### ኣስቤዛ ምግባር ኣዚኻ ቀንሶ

ኣስቤዛ ኣገባብራኻ መድቦ ምእንቲ ኣብ እንዳ ዱካን ምኻድ ኣጸቢቑ ክጎድል። ካብ ብዙሓት ዱኳናት ተሰሪሑም ዝተዳለዉ መግብታት ዓድግ - ሓደጋታት መልከፍቲ ንምንካይ ይሕግዝ'ዩ። ብቑጽሪ ተሌፎን 0243-740 00 ገይርካ ሓገዝ ክትሓትት ይከኣል'ዩ።

ስክፍታታት/ሕቶታት 113 13 · ሕማም: 1177 · ህጹጽ ሕማም: 112 · ንኡስ-ዞባ ቦርሌንገ: 0243-740 00

borlange.se/coronaviruset · krisinformation.se · kommun@borlange.se

BORLÄNGE